## ደምዳሚ መግለጺ
## ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት
## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)

ማእከላይ መሪሕነት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/ ካብ ፯ ካሳብ ፴ ሰነ ፪0፳ ኣብ ዘሎ ጊዝያት ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼብኡ ኣሳላስሉ። ማእከላይ መሪሕነት ኣብ'ዚ ኣኼብኡ እዚ ንህልዊ ዓለማውን ከባብያውን ሃገራውን ኩነታትና ብመንጽር ደሞክራስያዊ ተጋድሎና እንታይ ይመስሉ ከምኡውን ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት ውድብና ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ከመይ ተሰላሲሎም ብዕምቆት ብምግምጋም መጻኢ መደባት ሰሪዑን ኣገደስቲ ውሳነታት ኣመሓላሊፉን።

### ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ማእከላይ መሪሕነት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ/ደግሓኤ/ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ኣብ ዝዘተየሉ፡ ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ውሽጢ'ዚ ፪፬ ዓመታት'ዚ ኣብ ትሕቲ ጸረ ህዝቢ ጨፍጫፊ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ከሕልፍዎ ንዝጸንሑን ዘለውን ሕሱም ናይ ዘቤታዊ መግዛእቲ ኣደራዕ ርእሰ ኵናት ውልቀ መላኺ ስርዓት ህግደፍ ኢሳያስ ነዚ ከመሳምስ እንከሎ ምምሕዳሩ ጸፊፉ ከይከይድ ካብ ከዕንቅፍዎ ዝጸንሑ ገለ ገለ ብብልሽውና ዝተጠላቖዩ ሰባት ከምዘለው ኣንጻርም ኣድላይ ስጉምቲ ክውሰድ ከምዘድሊ ኢሉ ብኣጋጣሚ ፪፬ ግንቦት ናይ ናጽነት መዓልቲ ከምዝመደረ ዝፍለጥ ኣዩ። እዚ ብውዲትን ቅንጻላን ብትምክሕቲ ዝተላዕጠጠ ስርዓት'ዚ በዚ መደረ'ዚ ኣቢሉ ከወጣውጠሎም ንዝጸንሑ ውልቀ ሰባት በዚ ሸፉን ጌሩ ክግንሸሎምን ንገለ ግሩሃት ብምትላል መቃነዪ ስልጣኑ ክገብሮም እንተዘይኮይኑ እዚ መደረ'ዚ ካብቲ ኣብ ነፍስወከፍ ዓመት መጸ ዝካየዱ በዓላትን ዝቐርቡ ኣጉል መብጽዓታትን ዝፍለ ኣይኮነን። ብመሰረቱ እውን እንተኾነ ስርዓት ህግደፍ ጨና ናይ ደሞክራሲ ዘይብሉ ብብልሽውና ንዝጠስጠሰ ምሕደርኡ ክቕይሮ ይኹን ሂወት ክዘርኣሉ ዘኽእሎ ባህርን ብቕዓትን ከምዘይብሉ ማእከላይ መሪሕነት ብዕምቆት ገምገመ።

ብሓቂ ስርዓት ህግደፍ ብዜጋታቱ ዝግደስ ነይሩ እንተዝኸውን ቅድሚ ሕጂ ይኹን ሕጂ ንመላእ ሕብረተሰብ ዓለም ዘሰንበደን ዘሕዘነን ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ናይ ዝጠሓሉ ንጹሃን ዜጋታትና ትሕቲ ዕድመ ዕሸላት ህጻናትን ኣደታትን ብምልኣም ስድራቤታቶም ከይተረፈ ብኣሸሓት ዝሃለቑ ይኹኑ ብጥሩፋት እስላማውያን ብጨካን ኣረሜናዊ ተግባር ክሳዶም ዝተቐንጠቡን ግዳያት ንዝኾኑ ዜጋታትና፡ ኣብ ክንዲ ምድሓኖምን ምድባሶምን ኣብ ሃገሮም ንቡር ሓመድ ኣዳም ክለብሱ ምግባሮምን "ሃገር ዝጠለሙ ከደዓት ተረፍ ሸሓኒ ከልምጹ ዝጠፍኡ ኢዮም" እንዳበለ ብባጫ

ክሕጭጭን ክሳብ ቤተሰቦም ከይሓዝኑ ዝኽልክል ኣረሜናዊ ስርዓት ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዘሎ ውጹዕ ሕብረተሰብና ብማሕበረ-ቁጠባዊ ሂወቱ ክግደስ ኢልካ ክሕሰብ ከምዘይክእል ማእከላይ መሪሕነት መዘነ። እዚ ኩሉ ህዝብና ንዋሕዚ ስደት ክቃላዕን ንሓደጋ ብርሰትን ክሳጣሕ ዝገብር ዘሎ እቲ ንሱ ብውሽጥን ብደገን ክኽተሎ ዝጸንሐን ዘሎን ኣዕናዊ ፖሊሲታቱ ኮይኑ ናይ'ዚ ብተደጋጋሚ ዝኽሰት ዘሎ ህልቂት'ዚ እንኮ ተሓታቲ ንሱ ምዃኑ እውን ማእከላይ መሪሕነት ኣስሚርሉ ሓሊፉ።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ ንህልዊ ከባብያዊ ኩነታት ኣመልኪቱ ኣብ ዝዘተየሉ እቲ ኣብዚ ወቕት'ዚ ንዓለምናን ከባቢናን ዝሕምስ ዘሎ ግብረሽበራዊ እስላማዊ ጥሩፋዊ ሓይሊ ኣይኤስ/ደዓሽ/ ኣብ ዘዝተዘርገ ሃዋህው እስላማዊ ካባ ሽፋን ብምግባር ነቶም ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገር ዝኽሰቱ ግርጭታት እናመዝመዘ እናሓየለ ዝኸይድ ዘሎ ኣብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ እውን እግሩ ከንብርን ከስፉሕፍሕን ዕድል ረኺቡ ኣሎ'ዩ። እዚ መዕነዊ  ጥሩፋዊ ሓይሊ እዚ ከምዚ ዝኸዶ ዘሎ ቅልጣፈ እንተቐጺሉ እታ ኣብ ናይ ምብትታን ሓደጋ ፍሽልቲ ሃገር/Failed State/ ናይ ምዃና ዕድል እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ሃገርና እዚ ሓደጋ'ዚ ቀልጢፉ እንተዘይተዓጺፉ ኣበስኡ ንሃገርና ጥራሕ ዘይኮነስ ንመላእ ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ህዝብታት እውን ክሕምስ ምዃኑ ብኣጽንኦት ተገንዘበ።

ካልእ ኣብ ዞባና ኣብ የመን ይኹን ደቡብ ሱዳን ፡ሶማል ዝጸንሐ ጎንጽታት ገሊኡ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ገሊኡ ከኣ ዝተወሰነ ዝሃድእን ጸጸኒሑ ዝቀጻጸልን ዝረኣዩ ዘለው ተርእዮታት ንዞባናን ንሃገርናን እውን ብኣሉታ ዝጸሉ ተርእዮ ብምዃኑ ሒጅ'ውን ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ምፍትሑ ልዑል ጻዕርታቱ ከዛይድ ማእከላይ መሪሕነት ተማሕጺኑ።

## ጀጋኑ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ማእከላይ መሪሕነት ደግሓኤ ኣብዚ ኣኼብኡ እዚ ንህልዊ ኩነታት ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ኩነታት ኤዲኪን ኤሃባደለን ብዕምቆት ገምጊሙ። ሓያልን ድኹምን ጎኒ ናይ'ዚ ግንባራት'ዚ ድሕሪ ምግምጋም ጸገማቱ መሊኡ ፈትሑ ናብ ዝሓሸ ናይ ቃልሲ ባይታ ክሳጋገር ዕቱብ ጻዕርታት ዝሓትት ዘሎ ምዃኑ ተገንዚቡ።ኤሃባደለ ውሽጣዊ ጸገማቱ ንምፍታሕ ህጹጽ ኣኼባ ጸዊዑ ባይቶ ካብ ኣትይዎ ዝነበረ ናይ ምንቁልቛል ደውታን መስርሕ ድሒኑ ናብ ጥጡሕ ባይታ ከሰግጋር እኳ እንተኾነ ሕጂ ውን ሓደ ሓደ ዘጋጥሙን ክኽሰቱ ዝኽእሉ ካልኣዊ ጸገማት ብስልጡን ናይ እንካን ሃባን ልዝባትን ሕድገታትን  ክስገር ዕቱብ፡ ጻዕርታት ይሓትት። ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ከኣ ኩሉ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣብ ነንሕድሕዱ ዘለዎ ዝምድና ካብ ናይ ምንጽጻግን፡ ዘይሃነጺ ውድድራትን ህልኽን ኣብ ዕንኪልል ምንባር ዘይኮነስ ናይ ምቕብባልን ምትእምማን ኣብ ዝተሰማማዕካሉ ናይ ሓባር ዕላማታትን መደባትን ተኸባቢርካን ሰጢምካን ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ባህልን መንፈስን ክዓቢ የድሊ።

ኣብ ደምበ ተቃውሞ ኤርትራ እናሻዕ ካልኣዊ ፍልልያትካ ካልኣዊ ቦታ ኣብ ምትሓዝ ዘይምብቃዕ ሓደ መርኣያ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ገና ዘይሰነመ ምዃኑ ዘማላኽት'ዩ። እዚ ከኣ ከም ቀንዲ ዕንቅፋት ንሕቶ ሓድነትን ሕቶ ፖለቲካል ደሞክራስን ዝኾኑ ክልተ ዝንባሌታት ትምክሕትን ጽበትን እናሻዕ ኣብ ድሕረት ተንጠልጥሎም ንጸቢብ ሕሳባቶም ከብሉ ካልኣዊ ዘይመሰረታዊ ፍልልያት ከባልሑ ደኣ እምበር ክእለዩ ዘይሕግዙ፡ እቲ ቃልሲ ድሒኑ ኣብ ዘድምዓሉ ብርኪ ክሰግር ይኽውን ዘይምህላው እዩ። ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ልዕልና ኣብ ዘይብሉ ወይ መሊኡ ኣብ ዘይተራጋገጸሉ ወድዕነት ከምዚ ዝኣመሰለ ጸገማት እናሻዕ ክቀላቀሉ ባህርያዊ ኢዩ። ስለ ዝኾነ እዚ ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ንምብላዩ ብቐጻሊ ዘይሕለል ዕቱብ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ዝሓተና ኮይኑ ብቐዳምነት በብውድባትና ንውሽጥና ምስ ካልኦት ኣብ ዝህልወና ካልኣዊ ዝምድናታት ይኹኑ ሓበራዊ ግንባራዊ /ጽላላዊ/ ዝምድናታት ሓፋሽ ህዝብን እሩም ዝኾነ ናይ ሓድነትን ቃልስን ቅኑዕ ኣገባብ መርሆ ቃልሲ ተኸቲልካ ምጉዓዝ ኣገዳሲ ይመስለና።

## ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ ንህልዊ ውድባዊ ኩነታትና ኣመልኪቱ ኣብ ዝረኣየሉ ኣብ ዝተመደቡ ዝተኻየዱ ስረሓት ሓያልን ድኹምን ጎንታቶም ብዕምቆት ገምጊሙ ንዝተረጋገጹ ኣወንታዊ ፍጻሜታት ንኢዱ። ኣብ ኣፈጻጽማ ዝጸንሑ ሕጽረታት ብምንቃፍ መጻኢ መደባቱ ሰሪዑ፡ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣሕሊፉ። መላእ ኣባልና ውድብና ብቑጠባዊ ነብሱ ንክኽእል ከገብርዎ ዝጸንሑን ዘለውን ከምኡውን ንስደተኛ ህዝብና ኣብ ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወቱ ኣብ ምሕጋዝ ዝቕጽልዎ ዘለው ንውፉይ ንጥፈታቶም ናእድኡ ገሊጹ።

ናይ ፕሮፖጋንዳን ውደባን ዕጡቓት ኣሃዱታትና ንውጹዕ ህዝብና ንምልዕዓልን ንምውዳብን ብትብዓትን ጅግንነትን ኣብ ዘካይድዎ ህዝባዊ ንጥፈታት ስርዓት ህግደፍ ብናይ ስለያ መሓውራቱ ብተደጋጋሚ ከጥቀያምን ከተዓናቕፎምን ዝገብሮም ፈተነታት ሓያል ናይ ምክልኻል ጸረ መጥቃዕቲ ብምፍናው ዘውረድዎ ክሳራታትን ዕውት ጅግንነታዊ ፍጻሜታቶም መጎሱ ገሊጹ። ሕጂውን ብትብዓትን ጽንዓትን ክቕጽልዎ ኣተባቢዑ።

ማእከላይ መሪሕነት ደግሓኤ ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ ብሰንኪ ጸረ ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ዝኽተሎም መዕነዊ ፖሊስታት ንርሑቕ ስደት እናኣምርሑ ኣብ ሚያዝያ ፳/፪0፲ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ንዝጠሓሉ ዘጋታትና ኣብ ሊብያ ብIS IS/ደዓሽ/ ብካራን ጥይትን ዝተቐንጸሉ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ዓሚቕ ሓዘኑ ደጊሙ ገሊጹ። ንግዳያት ናይዚ ዘሕዝን ተርእዮ'ዚ ንዝኾኑ ስድራቤት ከኣ ጽንዓት ይሃብኩም ይብል። ስደት ግዝያዊ ፍታሕ ደኣ እምበር ዘላቒ ፍታሕ ከምዘይኮነ፡ እቲ እንኮ መፍትሒኡ ስርዓት ህግደፍ ምውጋድ ምዃኑ ኩሉ ኤርትራዊ ንስደት ዝውሕዝ ዘሎ ወለዶ ይኹን ኣብ ውሽጢ ዘሎ መላእ መንእሰይ ነዚ ናይ ብርሰት ተርእዮ'ዚ ኣብ ግንዛቤ ብምእታው ንምዕጻፉ ኣብ ቃልሲ ክጽመድ ጸዊዑ።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ መርማሪት ኮሚሽን ሕቡራት መንግስታት ኣብ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣጻርያ ከተቕርቦ ኣዳልያቶ ዘላ ጸብጻብ ንኣረሜናዊ ተግባራት ጨፍጫፊ ስርዓት ህግደፍን ቀንዲ መጋበርያታቱ ዘቃለዐን ኣድላይ ስጉምትታት ክውሰድን ዝጠልብ ብምዃኑ መጎሱ ገሊጹ። ብ'ኣንጻር እዚ ሕብረት ኤውሮጳ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ከም ናይ ቁጠባ ስደተኛታት ቆጺራ ንስርዓት ህግደፍ ብሚሊዮናት ዝቑጸር ገንዘብ ክሕግዝዎን ንስዱድ ህዝብና ኣብ ሓደጋ ከውድቕዎን መዲቦሞ ዘለው ሰራም መደብ ብትሪ ኮኒንዎ።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ንሓሙሻይ ግዚኡ ዝተኻየደ ሃገራውን ክልላውን ሃገራዊ ምርጫ ብዕምቆት ተገንዚቡ። ህዝብታት ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምሕደራ ሓድነቶም ዓቂቦም ባዕሎም ወሲንቲ መጻኢ ዕድሎም ኮይኖም ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ዘሰላሰልዎ ሃገራዊ ምርጫ ኣድናቖቱ ገሊጹ። ማእከላይ መሪሕነት በዚ ኣጋጣሚ ንመላእ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብኢህወደግ ዝምራሕ ፈ.ደ.ረ.መ.ኢ. እንቛዕ ኣሐጎሰኩም ይብል።

ኣብ ሃገረ ሱዳን ዝተኻየደ ምርጫ ብሰላም ምዝዛሙ ንህዝብን መንግስትን ሱዳን ዮውሃንኡ ይገልጽ። መንግስቲ ሱዳን ኣብ ሱዳን ተሰዲዱ ንዝጸንሐን ብቐጻሊ ዝስደድ ዘሎን ህዝብና ንዘጋጥምዎ ጸገማቱ ኣብ ምቅላል ልዑል ተርኡ ክጻወት እውን ማ/መሪሕነት ጸዊዑ።

ኣብ መደምደምታ ማ/መሪሕነት ካብ መንጉኡ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ፈጻሚ ኣካል ብምምራጽ ኣኼብኡ ብዓወት ዛዚሙ።

**ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!**
**ውድቀት ንጸረ ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ!**
**ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስውኣትና!**

**ማእከላይ መሪሕነት**
**ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ/ደግሓኤ/**
**10 ሰነ 2015**